# ኣብ ስደተይ ምስ ናፍቖተይ
# ተፈልዮሙኒ ዝፈትዎም ዓዕሩኽተይ
# ዝፈትዎም ኣሕዋተይ ከየንቲ ትግራይ

ንመን ኢለ ክነግር ንመን ኢለ ክዛረብ
ምስ መን እየ ክኅይይ ኣበይ እየ ክዓልብ፡፡
ፆዎታ ሰሓቅኩም ጓይላኹም ለሚደ
ምስልኹም ኣብ ዓይነይ ሒዘ ተሰዲደ
ዝሓለፈ እንተኸኣልኩ መጺኡኒ ዝገደደ
ንብዓተይ ከይነቐጸ ገና ከይረፈደ
ሓዘነይ ከይወጽአ ልበይ ምስ ሰንበደ
ንቐዳሞት ስዒብኩም ኬድኩም'ዶ ብሓደ
መቓብርኩም ይቕሰን ይጽናዕ ዝወለደ፡፡
መላምል ደቂ ህዝቢ ጀጋኑ ኣናብስ
ተልእኮኹም ክትፍጽሙ ከይበልኩም ንመለስ
ብስውኣት ምሒልኩም ታሪኩም ከይሓስስ
ዕላማ ውድብና መትከላ ከይፈርስ
ብጽንዓት ሓሊፍኩም የብልኩምን ዘጣዕስ፡፡
ታሪኩም ዓቂብና ጀግንነትኩም ወሪስና
ልሳንኩም ዘዜመት ዝበለት ኣለና
ብጽንዓት ክንሕዞ ብህይወት ዘለና
ቃል ንኣትወልኩም ብሽምኩም ምሒልና፡፡
ካሊእ የብልናን ብጀካ ድኽነት
ዝጀመርኩምዎ ዕማም ብቆራጽነት
ንሕና ናብ ልምዓት ንስኹም ግን ሓምብሱላ ገነት፡፡

*ካብ ድምፃዊ ዓዚዝ ሓጎስ*

*ቦስተን*